# መደበር ስደተኛታት ሸገራብ ን10ይ ግዜኡ ንሓደጋ ባርዕ ሓዊ ተቓሊዑ

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
30.05.2009



ሹቕ መደበር ሓደስቲ ስደተኛታት ኣብ ሸገራብ ብዕለት 28.05.2009 ልክዕ ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ ንሓደጋ ባርዕ ሓዊ ተቓሊዑ። እቲ ባርዕ፡ ኣብ ሓንቲ ሰብ ዘይነብራላ ብሳዕርን እንጨይትን ላኻን ዝተሰርሐት ዳስ ወይ ራኩባ ኢዩ ጀሚሩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ግን፡ ንፋስ ስለዝነበረ፡ ንሹቕ'ታ መደበር ብምሉኡ ኣቃጺልዎ። ነበርቲ'ታ መደበር፡ ነቲ ባርዕ ንምቊጽጻር ዝገበርዎ ኲሉ ፈተነ ኣይተዓወተን። ሓዊ ንምጥፋእ ዘገልግል መሳርሒታት ድማ ኣብ'ቲ መደበር የለን።

ብመሰረት ሓበሬታ ናይ'ታ ነቲ ዘጋጠመ ክሳራታት ከተጻሪ ዝተመዘዘት ሽማግለ፡-

- 115 ዝተፈላለየ ትሕዝቶን ዕብየትን ዘለዎ ደኾኑን ነዲዱ፤
- 9 መንበሪ ቦታ ናይ'ቶም ሓደስቲ ስደተኛታት ተቓጺሉ።

ብገንዘብ ክትመን እንከሎ፡ እቲ ዝወረደ ጉድኣት 200,000  ጅኔ ሱዳን (ሓደ 100 ሽሕ ዶላር) ምኻኑ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ናይ'ቲ መደበር ሓቢሮም።

ብዛዕባ'ዚ እቲ መደበር ብ1985 ዓ.ም ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ክሳብ ሎሚ ን10ይ ግዜኡ ዘጋጥም ዘሎ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ስውራት ኣእዳው ኰን ኢለን ዝገብርኦ ዘለዋ'ዩ ዝብል ዘረባታት ከምዝጻንሐ ዝዝከር ኢዩ። ሕጂ ግን፡ ኢድ ስርዓት ኢሳያስ ዘለዎ ኣረሜናዊ ተግባር ምኻኑ ዘረጋግጹ ሰነዳትን ሓቅታትን ክቃላቀሉ ጀሚሮም ከምዘለዉ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ከባቢ ይሕብሩ።